# መኸተ፡

ኣብዚ ቅንያትዚ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዝርከብ ህዝቢ ኤርትራ፡ መኸተ ኣንጻር ወራር፡ መኸተ ኣንጻር ዕንወት፡ መኸተ ንሰላም፡ መኸተ ንምዕባለን ግስጋሴን ይብል ኣሎ። ስለዚ እቲ መኸተ ኘኹሉ ዘጠቃለለ እዩ።

መኸተ ወይ ምምካት እንታይ ማለት እዩ?። ብፎኩስ ኣዘራርባ፡ ነቲ ዝጻብኣካን ዝዳረገካን ነገር፡ ሙሉእ ምቅርራብ ገርካ፡ ኘኸተሽንፎን ኽትስዕሮን ምብጋስ እዩ። እዚ ሕጂ ዝካየድ ዘሎ ናይ መኸተ ኅስጓስ ድማ፡ ምልክት ናይ ምቅርራብን፡ ነቲ እንተታት ድሉዋት ምኳንካ ንምርግጋጽን ንምርኣይን እዩ።

ቅኑዕ ናይ ፕሮፓጋንዳን ስነኣእምራዊ ምቅርራባት ምግባርን፡ ንባዕሉ ፍርቂ ናይቲ እተካይዶ ቅዲ ኹናት ዓወት እዩ። ስለዚ ናይ መኸተ ፕሮፓጋንዳ ምክያድ፡ ነቲ መሪር ጉዕዞ ፍርቁ ብዓወት ዛዚምካዮ ማለት እዩ። ወጽኢት ናይቲ ፍርቁ ድማ፡ እቲ ዘሎ ኹነታት ስለዝምልሶ፡ ምእማቱ ኣጸጋሚ ኣይኸውንን።

ዋልኳ ብውግእ ጥራይ ዝፍትሑ ነገራት ኣለዉ እንተበልና። ውግእ ኣዕናዊ እዩ። ኣይተደላይን እዩ። ንህዝቢ ይሃሲ። ንቁጠባ ይሃሲ። ስለዚ ብዝተኻእለ መጠን ኻብ ውግእን ወረ ውግእን ምልጋስ ተመራጺ ይኸውን። ኻብዚ ኣረኣእያ ተበጊሱ እዩ መንግስትን ህዝብን ኤርትራ፡ ነቲ ተኸሳኺሉን፡ መኪቱን፡ ሞጉቱን ዘምጽኦ ሰላምን መሬትን ብጽሞናን ዓቅልን ዝጽበዮ ዘሎ። ንመሬትካ ምክልኻልን፡ ናብ ዋናኡ ምምላስን፡ ማለት ንሉኣላውነትካ ምክልኻል ግቡእን መሰልን እዩ። እዚ እንዳፈለጠን እንዳተረደእን እዩ፡ እዚ ኹሉ ዓመታት ዓቅሊ ዝመረጸ። ሕጂ ውን እቲ ዓቅሊን ትዕግስትን ኣብ ቦታኡ እዩ ዘሎ። እቲ ዓቅሊን ትዕግስትን ሲኢኑ እዚ ኸም ነፋሒቶ ዝለዋወጥ፡ መንግስቲ ኢትዮጲያ እዩ። ኣብ ክንዲ ኣህጉራዊን ዓለማውን ሕጊ ተማእዚዙ ዝኸይድ፡ ኣብ ክንዲ ነቲ ዘሎ ጉዳይ ብሰላም ፈቲሑ ናብ ንቡር ዝምለስ። ኣብ ክንዲ በቲ ዝገበሮ ኹሉ ዘይተኣደነ ብደዕን ጌጋታትን ተጣዒሱ ይቅረታ ዝሓትት። መሊሱ ኻብ ጌጋ ናብ ጌጋ እንዳኸደ፡ ዳርጋ ናቱ ዕድመ ኣሕጺሩ፡ ጉድኣትን ዕንወትን ናብቲ ኸባቢ ኸምጽእ ህርድግ ይብል ኣሎ። እቲ ዝሓሸን፡ ዝበለጸን፡ ዝቀለለን እቲ ጉዳይ ብሰላም ምዕራፍ እዩ። እዚ ኽዓርፍ ዝኽእል ከኣ፡ ንሕጊ ምኽባርን ምእዛዝን እዩ። ናይዚ ምርጫ እዚ ወናኒ ኾይኑ ዘሎ ድማ፡ ባዕሉ መንግስቲ ኢትዮጲያ እዩ። ናይ መንግስቲ ኢትዮጲያ ድልየትን ሃንቀውታን ድማ፡ ነቲ ብሓይሊ ኅቢጥዎ ዘሎ መሬት ኤርትራ፡ ንሕና ባዕልና፡ ማለት ንሕና ኤርትራውያን መሪቅና ክንህቦ እዩ። እዚ ማለት ኣብ ዘይውዳእ ዘተ ኣእቲኻ፡ ነቲ ነገር ጠምዚዝካ ጠማዚዝኻ፡ ናብ ረብሓኻ ምቅያር እዩ። ካልእ ሕቡእ ሕልምን ኣጀንዳን ኣምጺእካ እውን ምህለላኻ ምቅራብ እዩ። ነዚ ኹሉ ሃንቀውታን ሕልምታትን መፍትሒ ዝኸውን ድማ፡ ከከም ምሕላምካ እዩ። ሎሚ ጸጸቡቁ ኣንተድኣ ሓሊምካ፡ ነቲ ነገር ብውግእ ወዲእካ ተዕርፎ። እቲ ሕልምታት እንተድኣ ጽቡቅ ዘይነይሩ ድማ፡ ብዘተ ወዲእካ ተዕርፎ። ኻብኡ ዘፍርሕ ሕልሚ እንተድኣ ኾይኑ ድማ ምስ ኤርትራ ኣማሊድካ ተዕርፎ። ስለዚ እቲ ወሳኒ ናይ መንግስቲ ኢትዮጲያ ሕልምታትን ድራማታትን እዩ።

ሕጂ ሕልምታትን ድራማታትን ናይ መንግስቲ ኢትዮጲያ ገዲፍና፡ ንሕና ኣብ ኸምዚ ዝኣመሰለ ኹነታት እንታይ ንገብር?። ማለት ንክምዚኣቶም ዝኣመሰሉ ናይ ግዜና በዳህቲን ተኣፈፍትን ነገራት ብኸመይ ነሸንፎም። እዚ ናይ ኹሉ ኤርትራዊ ተባላሕነትን ጽንዓትን ዝሓትት እዩ። እዚ ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ዝካየድ

ዘሎ ናይ መኸተ ሰሚናራትን ኣኼባታትን ኸም ሓደ ጽቡቅ ኣብነት ኽውሰድውን ይከኣል። ማለት ነዚ ክመጽእ ዝኽእል ናይ ጸላኢ ተጻብኦታት ብድሉውነት ምምካት እዩ።
ካልኦት ኤርትራውያን እውን ንሶም ብዝመስሎም መንገዲ፣ ነቲ ናይ ወራር መኸተ ኽቅጽልዎ ይግባእ። ንኣብነት ነቲ ኣብ ድፋዕ ዘሎ ጅግና ሰራዊትና ናይ ፍናን መልእኽቲ ምስዳድ። ንህዝብን መንግስትን ምትብባዕን ምድጋፍን። እታ ኹሉ ዝኽእላን ተደላይትን ድማ፣ ኣጆኹም ኣጆና ምባል እዩ። እዚን ካልእን ኸም ጽቡቅ መርኣያናን ጽንዓትናን ኽውሰድ ይከኣል። ብሓጺሩ፣ በብዝመሰለካ መክት።

ኣብዚ ናይ መኸተ ኣንጻር ወራር ዝካየደሉ ዘሎ እዋን፣ ሓደ ሓደ ኤርትራውን ምኽንያቱ ብዘየገድስ፣ ፍልይ ዝበለ ምኽርታትን ለበዋታትን የቅርቡ ኣለዉ። እዚ ዘንቅልዎ ዘለዉ ሕቶታት ድማ፣ ዓቅምን ተኽእሎን ናይ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ወራር ኸመይ ይመስል እዩ?። ማለት ዓቅሚ ኣለናዶ? ኣትኪልናኸ ክኽንዋጋእ ንኽእልዶ? ተዋጊእናኸ ነረብሓ መን.... ካልእን ዝብል እዩ።
መጀመርታ ኽፍለጥ ዘልዎ፣ ዝኾነ ኤርትራዊ ውግእ ንደሊ ኣሎና ወይ ኽንዋጋእ ተቀሪብና ኣሎና ኣይበለን። ኣዚ ማለት ንመሰልካን ክብረትካን ሓርነትካን ናይ ምክልኻልን ምውጋእን ኣየወገደን። ህዝቢ ዝብል ዘሎ፣ ነዚ ብኢትዮጲያን ወከልቲ ናይ መንግስቲ ኢትዮጲያን፣ ዝእወጀልና ዘሎ ውግእ ኽንምክት ተቀሪብና ኣሎና፣ መንነትናን ልኡላውነትናን ብዘለና ዓቅሚ ክንከላኸሎ ኢና እዩ ዝብል ዘሎ። እሞ ወራር እንዳመጸካ ኸሎ፣ ዓቅምን ተኽእሎን የብልናን ኢልካ ኽትዛነ ኣይትኽእልን። ነጻነት ዝተረኸበኮ፣ ነዚን ኸምዝን ኣተሓሳስባ ስለዝተሰግረ እዩ። ንሰላምን ፍትሕን ምቅላስ ሓላል እዩ ስለዝተባህለ ምኽንያት እኮ ንሱ እዩ።
ዓቅሚ ኣለናዶ?። እዛ ሕቶ እዚኣ እስራኣላውያን እንተዝሰምዕዋ ዝበለጸ ኾይኑ ይስመዓኒ፣ ምኽንያቱ ተወሳኺ ማዕዳ ምሃቡና። ጸሓይና  ኣብ ዝበረቀሉ ግዜ ኸምዚ
ኢልካ ምሕታት። ስጋብ ኽንደይ ተዳኺልካ ከምዘልኻ ዘርኢ እዩ። ይትረፍ ሎምስ፣ ኣብ ጸምጸም በረኻ ኸለናውን ኸምዚ ሕቶ ኣይተሓተን። ኣብ ፍትሒ ዝኣምንን፣ፍትሓዊ ቃልሲ ዘካይድን ብኸምዚ ዓይነት ሕቶታት ኽናወጽ ኣይግባእን። ኣብ ውግእ ኽትስዕርን ኽትሰዓርን፣ ዘሎን ዝነበረን እዩ። ኣሜሪካ ኣብ ቬትናም ተሳዒራ ወጺኣ። ኣብ ዒራቅ እውን፣ እንሆ ዝኾነ ምኽንያት ሂብናን ኣደናጊርናን ንህደም ይብሉ ኣለዉ። ኣሜሪካ ዝዓጠቀቶ ኣጽዋርን ብዝሕን ወሳኒ ነይሩ እንተ ዝኸውን፣ እዚ ኹሉ ሕፍረት ተሰኪማ ኣይምወጸትን። እዚ ሕጂ ኣብ ሶማሊያ እንዕዘቦ ዘሎ ውርደትን ሕፍረትን ናይ መንግስቲ ኢትዮጲያ እውን ኻብኡ ዝፍለ እይኮነን። ኢትዮጵያ ስጋብ ኽንደይ ግፍዕን ጸይቅን ኣብ ህዝቢ ሶማሊያ ተውርድ፣ ኣብ መጨረሽታ ተሳዒራ ኸም እትወጽእ ዝተረጋገጸ እዩ። ንምኧኑ፣ ህዝቢ ሶማሊያ፣ ኣንጻር እዚ ዝወርዶ ዘሎ ግፍዕታት ናይ ኢትዮጲያ ኽቃለስ ድዩ ዘለዎ፣ ወይስ ዓቅመይ ኣይኮነን ኢሉ ጸግዑ ክሕዝ እዩ ዘለዎ?።
እምበኣር ከምዚ እንርእዮን እንዕዘቦን ዘለና እንተድኣ ኾይኑ፣ ብዝሒ ኣጽዋርን ሰብን ወሳኒ ኣይኮነን፣ እንታይደኣ ፍትሓውነትን ቅንዑነትን ናይቲ ጉዳይዩ ወሳኒ። ሕጂ እቲ ዝስዕብ ሕቶ ኸምዚ ይኸውን። ኤርትራ እትኽተሎ ዘላ ናይ ዶብ ውሳኔ ቅኑዑን ፍትሓውን ድዩ?። እዚ ሕቶ እዚ ብረብሓ ህዝቢ ኤርትራ ጥራይ ዘይኮነ፣ እንተላይ ብረብሓ ናይ ህዝቢ ኢትዮጲያ እውን ኽረአ ኣለዎ። እዚ ኤርትራ እትኽተሎ ዘላ ሓንትን ዘይትቅየርን ናይ ዶብ መፍትሒ፣ ንኽልቲኡ ህዝብታት ዘረብሕ ድዩ?። እቲ መልሲ ብዘየማትእ መንገዲ እወ እዩ። ስለዚ ናይ ኤርትራ

ብድሆ፡ ኣብ  ፍትሕን ቅንዕነትን ናይቲ ጉዳይ ዝተምመርኮሰዩ።
ስለዚ ኣብ ፍትሕን ቅንዕናን እተመርኮሰ ህዝቢ፡ ካብቲ ዝመጾ ጉድኣትን ካልእ ጸገማትን ክጥንቀቅን ክቀራረብን፡ ክብድህን ክምክትን እምበር ክፈርህ ወይ ክስተማስል የብሉን። ደሓር ከኣ ፈሪህካን ኣስተማሲልካን እተፍርዮ ወይ እውን እትቅይሮ ነገር የለን። ፈርሪህካ ናብ ከብዲ ኣደኻ ኣይትኣቱን።
ዝኾነ ፍትሓዊ ቃልሲ ዘካይድ ህዝቢ፡ ክድገፍን ክተባባዕን እዩ ዘለዎ። እንተ፡ ዝብል ቃል ሰኹዕካ ኣብቲ ናቱ ፍትሓዊ ቃልሲ ክትዛረብ ኣይግባእን። እታ ናትካ ሓላፍነት ነቲ ቃልሲ ምድጋፍ እዩ። ንኣብነት ንቃልስታት ህዝብታት ኦሮሞ፡ ኦጋደን ምድጋፍን ምትብባዕን ናይ ኩሉ ደላይ ሰላም ሓላፍነት እዩ። እቲ ኣገባብ ናይቲ ቃልሲ ድማ ነቶም ዋናታት ናይቲ ቃልሲ ዝግደፍ እዩ። ንሸኻ ፎርሙላ ኣዋዲድካ እትህቦም ጉዳይ ኣይኮነን። ምናልባት ናታቶም መራሕትን ኣካየድትን፡ ኣብቲ ጉዕዞ ናይ ቃልሲ ዝፍጽምዎ ጌጋታት እንተ ሃልዩ፡ ንዕኡ ኣመልኪትካ ርእይቶ ይወሃብ ይኸውን። ብዝተረፈ፡ ብዝሕኹም ክንድዚ ስለዝኾነ፡ ዓይነት ኣጽዋርኩም ከምዚ ስለዝኾነ፡ ፍትሓዊ ቃልሲ ኸተካይዱ ኣይትኽእሉን ኢኹም ምባል፡ ጸረ ፍትሓዊ ቃልሲ ምኻንካ ጥራይ እዩ ዘርኢ። ብዛዕባ ተኽእሎ ህዝቢ ኤርትራ ኣትኪሉን ምውጋእን ዘይምውጋእን ኣገዳሲ ነጥቢ ኣይመስለን። ግን ከኣ መን እዩ ናይቲ ዝመጽእ ቅዲ ኹናት ኣመኻሪዎም?።
ማለት፡ እንተድኣ ውግእ ተጀሚሩ፡ ብኣትክል እዩ ዝኸይድ ዝበለ። ዋላኳ ውግእ ናይ ገዛእ ርእሱ ጠባያትን መምሕርን እንተለዎ፡ እቲ ኣገባብ ናይ ቃልሲ ንህዝቢ ኤርትራ ዝግደፍ ጉዳይ እዩ። እቲ ዝበሃል ዘሎ ውግእ፡ ኣብዚ ሕጂ ዘለናዮ ግዜ እውንኮ እንዳተኻየደዩ። ጠባያት ናይቲ ውግእ ስለዝተቀየረ ውግእ የለን ወይ ኣይካየድን ኣሎ ኽትብል ኣይትኽእልን።

ብዛዕባ ንዶብ ዝምልከት ጉዳይ፡ መንግስቲ ኤርትራ ንጹር ኣረኣእያ እዩ ዘለዎ። እዚ ኣረኣእያ እዚ ድማ፡ ብኹሉ ህዝቢ ኤርትራ ኽድገፍ ዘለዎ እዩ። መጀመርታ፡ ኣረኣእያ ናይ መንግስቲ ቅኑዕ እዩ። ካብኡ ዘይፍለ ድማ፡ ኹሉ ንረብሓ ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነ ዘበለ ኽደገፍ ኣለዎ። ስለዚ ኣረኣእያን ኣተሓሕዛን ናይ መንግስቲ፡ ኣብዚ ጉዳይዚ ንረብሓ ህዝቢ ኤርትራ ስለዝኾነ ናይ ግድን ኽድገፍ ኣለዎ።
እቲ ምስ መንግስቲ፡ ፍልልያት ኣለኒ ዝብል፡ ወይ ዘይትዓጽወ ሕሳብ ኣለኒ ዝብል፡ ኣብ ዝኾነ ግዜ ፍልልያቱን ሕሳቡን ኽዓጹ ይኽእል ኣዩ። ዝኽልክሎ ድማ የለን። ግን ከኣ ኽልተ ዘይተሓሓዙ ኣጀንዳታት እንዳ ኣቅረብካ፡ ንገዛእ ርእሸኻን ህዝብኻን እንዳ ኣደናገርካ ምኻድ ፋይዳ የብሉን።
እስከ ዝኾነ ደቂቅ መብርሂ ይወሃብ፡ ማለት ዶብ ምምልካትን ውሽጣዊ ኹነታትና ዝተሓሓዘሉን። ኽልተ ኣጸቢቁ ዝፈላለ ነገራት እዩ። ዶብ ምምልካት ማለት ቅርጺ ናይ ሃገርካ ምፍላጥ ማለት እዩ። ስፍሓት መሬትካን፡ ብዝሒ ህዝብኻን ምፍላጥ ማለት እዩ። ውሽጣዊ ኹነታትካ ምፍላጥ ማለት ድማ፡ ዘለካ ምምሕዳርን ኣገባብ ጉዕዞኡን ምርዳእ ማለት እዩ። ንኣብነት ዲሞክራሲያዊ ስርዓት፡ ምልካዊ ስርዓት፡ ወተሃደራዊ ስርዓት፡ ንጉሳዊ ስርዓት፡ ኢስላማዊ ስርዓት፡ ክርስቲያናዊ ስርዓት፡ ወዘተ ምልክትን ነጸብራቕን ናይ ውሽጣዊ ኹነታትካ እዮም። ስለዚ እቲ ንሸኻ እተድልዮን እትብህጎን ስርዓት ንምትካል፡ ውሽጣዊ ቃልሲ ተካይድ። እቲ እተካይዶ ቃልሲ ድማ ንእዋኑ ዘይኮነስ፡ ቀጻልን ንሓዋሩን ይኸውን። ኸምዚ እንዳ በልካ ድማ ሕብረተሰባዊ ቃልሲ ተካይድ፡ ወይ ድማ ሓድሽ ሕብረተሰብ ምስ ሓድሽ (ኣረጊት ) ኣተሓሳስባ ትሃንጽ። ኣብ ከምዚ ናይ ህንጸት ኩነታት እንዳ ሃለኻ፡ ናይ ደገ ሓይሊ እንተድኣ መጺዩካ ድማ፡ ፍልልይካ ብዘየገድስ ኩላህካ

ተሓባቢርካ ኣንጻር ናይቲ ደገ ሓይሊ ትገጥም ማለት እዩ። ኩላህካ ብሓባር ኣንጻር ናይቲ ደገ ሓይሊ ስለዝተቓለስካ፣ ኣቲ ናትካ ውሽጣውን ሰላምን ናይ ለውጢ ቃልሲ ራሕሪሕካዮ ማለት ኣይኮነን። ብዝተፈላለየ መንገዲ ነቲ ናትካ ራእይ ዘጠንክርን ዝገልጽን ቃልስታት ከተካይድ ኽትጽዕር ኣለካ። ነቲ እትብህጎን እትኣምነሉን ፍልስፍናን ለውጥን ብዘይምስልካይ ኽትቃለሰሉ ኣለካ። እቲ ንሸኻ እትስንዝሮ ዘለኻ ናይ ለውጢ ፍልስፍና ድማ፣ እንተድኣ ናይ ህዝቢ ሓንጎልን ቀልብን ሳሓብን ኾይኑ፣ ህዝቢ ብዘይ ነግ ፈረግ ይቕበሎ። ዝኾነ ኣብ ዓለም ዘሎ ህዝቢ ብቐሊሉ ዝቕሸሽ ኣይኮነን። ህዝቢ፣ ኣብ ግዜ ራዕ ድን ፍርሕን ናይ ደርጊ ተሰናቢዱ፣ ንሳውራኡ ኣይጠለመን። እቲ ሕጂ ዘሎ ህዝቢ ድማ፣ ኻብቲ ናይ ቅድሚ ሕጂ ዝነበረ ዝፍለየሉ ምኽንያት የለን። ህዝቢ ንዕኡ ዝኾኖን ዝመስሎን ይርዳእን ይፈልጥን እዩ። ስለዚ ናትካ ሓላፍነት ፍልስፍናኻ ምስንዛር ጥራይዩ። ህዝቢ ብዘይካ ሓደ መገዲ፣ ኻልእ መገዲ ኽምዘሎ ኽፈልጥ ምግባር ጽቡቕ እዩ። እቲ ኻልእ መገዲ ነቲ ህዝቢ ጥራይ ዘይኮነ፣ ነቲ መንግስቲ እውን ኻልእ መገዲ ኽምዘሎ ምፍላጥ ይጠቕሞ እዩ። ልክዕ ኽም መስተያት ማለት እዩ።

እቲ ንሸኻ ዝሰንዘርካዮ፣ ብሓንቲ መዓልቲ ኣይተሰምዐን ኢልካ ግን፣ ኣብ ወጻኢ ኾነ ኣብ ውሽጢ ዘሎ ህዝቢ ምዝላፍን ምትሓትን ኣይግባእን። መሰል እውን ምስ ግደታ ኽምዝመጽእ ምዝንጋዕ ኣየድልን። እቲ ተቓውሞታት ምስንዛር ኣብ ቦታኡ እንዳሃለወ ኸሎ፣ ንህዝብናን ንሃገርናን እንታይ የበርክት ኣሎኹ ኢልካ ምሕታት እውን እዋናውን ቅኑዑን ከምዝኾነ ምዝንጋዕ ኣየድልን።

ዝኾነ ሰብ፣ ብዛዕባ ጉዳይ ሃገር ይግደስ እየ ዝብል፣ ኣብ ዶብ ዘለዎ ኣረኣእያ ናይ ብሓቂ ንጹር ክኸውን ኣለዎ። ንዝኾነ ንዶብ ዝምልከት ዘበለ፣ ምስቲ ዘሎ መንግስቲ ኾነ፣ ውሽጣዊ ጉዳይ ኸተሓሕዞ ኣይግባእን። ምኽንያቱ፣ መንግስትን ውሽጣዊ ኹነታትን ተቐያየርቲ እዮም። መሬት ግን ኣይቕየርን እዩ። ኣብ ሃገረ ኤርትራ ዝኣምን ዘበለ፣ ብዝኾነ መለክዒ፣ ኣብ ዶብ ጉዳይ ፍልልይ ኣለኒ ኢሉ ኽዛረብ ኣይግባእን። ንዶብ ከም ቅድመ ኩነት ገይሩ ኽዛረብ እውን ኣይግባእን። እዚ ሓንሳብን ንሓዋሩን እተዓጽወ ፋይል እዩ። ኣብዚ ጉዳይዚ ድማ ኤርትራ ተዓዋቲት ኾይና እያ። ነዚ ዓወት እዚ እንተ ኣኽቢርካ፣ ትኸብር፣ ነዚ እንተዳኣ ኣሕሲርካ ድማ ትሓስር። ኽቡር የኽብረካ መጠን ነብሱ፣ ሕሱር ድማ የሕስረካ መጠን ነብሱ ኽምዝብሃል፣ መምዘኒ ናይ ገዛእ ርእሰኻ ምኻኑ ምፍላጥ የድሊ።

ንዶብ ጉዳይ ብዝምልከትን፣ ብኡኡ ተመኽንዩን ተሸፊኑን ዝመጽእ ተጻብኦታት እንተኾነ እውን፣ ኩላህና ሓቢርና ኽንምክቶ እምበር፣ ብውሽጣዊ ኹነታትና ወይ ካልእዊ ነገራት ኣመኽኒንና ኻብቲ ሓቂ ክንሃድም ኣይግባእን።
***በዳህቲ ውሽጣዊ ሕቶታት ኽምዘለዉና ኣሚንና፣ ንኹሎም ዝመጹና ተጻብኦታት ብሓባር እንተገጢምናዮም ጥራይ እዩ ዓወትና ኽረጋገጽ ዝኽእል።***

በዚ ኣጋጣሚ እዚ፣ ንኹላህና ኣብ ውሽጥን ወጻኢን እንርከብ ህዝቢ፣ ናይ ሰላምን ራህዋን ዓመት ክኾነልና እምነ።

ኪዳነ ሃብተሰላሴ ታሕሳስ 2007